# ደምዳሚ ኣዋጅ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ፡
# ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)

5ይ-ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ኣብ ትሕቲ እዋናውን ስትራተጂያውን ጭርሖታት ማዕሪጉ፡ ካብ 18 ክሳብ 22 ሚያዝያ 2010 ተኻይዱ ብዓወት ተዛዚሙ፡፡ 5ይ ውድባዊ ጉባኤና፡ ንህሉው ዓለማዊ፣ ዞባውን ከባብያውን ኩነታት ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ዘለዎ ጽልዋ ብሓፈሻ፡ ኩነታት ሃገርና ድማ ብፍላይ ብዝርዝር ተመልከተ፡፡ ጉባኤ፡ ዝለዓለ ቱኽረት ሂቡ ዝዘተየሉ ዛዕባ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ምሕደራ ኢሳይያስ ዘሕልፉዎ ዘለዉ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ሂወት መሰረታዊ መፍትሒ ዝረኽበሉ ኩነታታ ኣብ ምንዳይ ዝኣመተ እዩ።

ህዝብታት ኤርትራ ንልዕሊ 18 ዓመታት ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላቶም ተጨፍሊቑ፡ ፍትሒ ተሓሪሙዎም፡ መላእ ሓይሊ መንእሰይ ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎትን ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎን ጀሆ ተታሒዙ፡ ካዝና ህግደፍን ውልቀ ላዕለዎት ሰብ ጽሩራ ወታደራውያን መኮንናትን ከመልእ ተዋፊሩ፡ ብኣንጻሩ ህዝብታትና በብእዋኑ ኣብ ከቢድ ማሕበረ-ቁጠባዊ ድኽነት እናተሸመሙ ጥሜት፣ ዓጸቦን ማሕበራዊ ምዝንባልን ሞትን እናተስፋሕፍሐ ይኸይድ ምህላዉ ገምገመ። መንእሰያት ኤርትራውያን ቀንዲ ግዳያት ኮይኖም፡ ዝበዝሑ ኣብ ድፋዓትን ጎቦታትን ሽንጥሮታትን ከርፋሕ ሂወት ክመርሑ፡ ገሊኦም ድማ ዓዶምን ዘፍቅሩዎም ቤተሰቦምን እናገደፉ ኣብ ጉዕዞ ዘጋጥሞም ኩሉ ዓይነት ጸገማት እናተጋፈጡ ፎቐዶ ስደት ፋሕፋሕ ዝብሉሉ ህሞት ምህላዉ ተመልከተ። ደቂ ኣንስትዮ ሃገርና ከም ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብና መጠን ንሃገራዊ ነጻነት ዘበርከቶኦ ክቡር ዋጋ ተጠሊሙ፡ ኣብ ትሕቲ ሕሱም ደርባውን ጾታውን ጭቆና ወዲቐን፡ ገሊአን ናበይቲ ህጻውንትትን ዓበይቲ ሽማግለታትን፡ ገሊአን ድማ ከም መንእሰያት ናብ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ሳዋን እናተጓረታ መርወዪ ጾታዊ ድልየት ሓለፍትን ከደምት ኮይነን፡ ኣዝዩ ዘሰቅቕ ሂወት የሕልፉ ምህላወንን ገለ ድማ ሃገረን ገዲፈን ከርፋሕ ናይ ስደት ናብራ ክመርሓን ኣደዳ ከበድቲ ጸገማት ይኾና ምህላወን ጉባኤ ብምረት ገምገመ።

ጉባኤ ፍሉይ ቱኽረት ሂቡ ዝዘተየሉ፡ ተሳትፎ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ሃገርና ኣብ ዲሞክራስያዊ ተጋድሎና፡ ኣዝዩ ውሱን ዝኾነሉ ምኽንያትን መፍትሒኡን እዩ፡፡ ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ካብቲ ዝሰፍሐ ክፋል ሕብረተሰብና ምዃኖምን ቀንዲ ግዳያት ስርዓት ኢሳይያስ ኮይኖም ብምህላዎም፡ ብዘይ ናታቶም ንጡፍን ወሳንን ተሳትፎ ዝዕወት ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ክህሉ ከምዘይክእል ብምምልካት፡ ተሳትፎኦም ዘዕብዩሉ ባይታ ንምስፋሕ፡ ውድብና ዓቕሙ ከይበቐቐ ከምዝጽዕት ኣቐመጠ። ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ኣብ ቀረባን ርሑቕን ወጻኢ ሃገራት ዝነብሩ መንእሰያትና፡ ናይ ቃልሲ ኣበርክቶኦም ንምጥንኻር ዝጀመሩዎ ምውድዳብን ቃልስን ደገፉ ኣረጋገጸ። ምስኦም ተቐራሪቡ ኣብ ምጉልባት ዲሞክራስያዊ ተጋድሎና ተርኡ ከበርክት ወሰነ።

5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሃለዋት ነባራት ሰደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ሱዳንን ካልኦት ከባቢታትን ከምኡ’ውን ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ዝረአ ዘሎ ሰፊሕ ዋሕዚ ስደት ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ኮይኑ ብምህላዉ፡ መሰረታዊ መፍትሒኡ እንታይ ምዃኑ ዳህሰሰ። እዚ ዝረአ ዘሎ ሰፊሕ ዋሕዚ ስደት ንመጻኢ ዕድል ሃገርናን ህዝብታትና ሓደገኛ ምዃኑን መሰረታዊ መፍትሒኡ ድማ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ምውጋድ ምዃኑ ብምግምጋም፡ ዓቕምታት ሓይሊ ተቓውሞ ተወሃሂዱ ህዝብን ሃገርን ኣብ ምድሓን ዝነጥፈሉ ኩነታት ንምፍጣር ኣበርቲዑ ከምዝቃለስ ኣረጋገጸ።

<u>ኣገባብ ቃልሲ ብዝምልከት</u>፡- 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ሓይልታት ተቓውሞና ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ክኽተሉዎ ዝጸንሑ ኣገባብ ቃልሲ ብዕቱብ ዘተን ምይይጥን ብብኞዓት ኣወሃሂዶም ክዋስኡ ዘይምብቅዖም፡ ዓቕምታቶም ኣድማዒ ውቅዒት ከዕርፍ ከምዘይከኣለን ኣብ ካልኣዊ ጉዳያት፡ ናብ ሓሸውየን ዘይምቅዳውን ክኣትዉ ምጽንሖምን ምህላዎምን ብምምልካት፡ ህሉው ኩነታት ህዝብታት ኤርትራ ብኹሉ ሸነኻቱ ብምግምጋም፣ ከባብያውን ዓለማውን ኩነታት ኣብ ቃልስና ዘለዎ ጽልዋ ብምግንዛብ፡ እቲ ዝምረጽ ኣገባብ ቃልሲ፡ ድሕሪ ዝተናውሐ ውሕሉል ፖለቲካዊ፣ ውደባዊ፣ ዲፕሎማስያውን ቃልሲ፡ ብሰፊሕ ህዝባዊ ዓመጽ(ናዕቢ) ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ምውጋድን ኣብ ሃገርና ንሰላማውን ዲሞክራስያውን ውድድር ምቹእ ኩነታት ዝፈጥር ናይ ቃልሲ ኣገባብ ምዃኑ ብምእማን ንምዕዋቱ ኣበርቲዑ ከምዝቃለስ ኣረጋገጸ።

<u>ኣብ ሕቶ ምሕዝነትን ሓድነትን ሓይሊ ተቓውሞ ብዝምልከት፡-</u> ውድብና ሰደግኤ፡ ኣብ ሕቶ ሓድነትን ምሕዝነትን ሓይልታት ተቓውሞ፡ ጽኑዕ መርገጺ ሒዙ ምጽንሑ ዘረጋገጸ 5ይ ውድባዊ ጉባኤና፡ ውድብና፡ ኣብ ዝሓለፉ ከባቢ ሹዱሽተ ዓመታት ዝተኸተሎም ግጉያት ኣንፈታትን ሳዕቤናቶምን በሊሕ ነቓፌታዊ ገምጋም ኣካየደ። ስለዝኾነ’ውን ውድብና ምስ ኩሎም ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና ዝኣትዎም ናይ ምሕዝነትን ሓድነትን ስምምዓትን ውዕላትን ካብ መሰረታዊ ፖለቲካዊ እምነታቱ ክብገሱ ከምዝግባእ ኣጽንኦት ሂቡ ኣቐመጠ። ህዝባዊ

*ዲሞክራስያዊ ዕላማታት ውድብና መሰረት ብምግባር፡ ኣብ መሰረታዊ ፖሎቲካዊ ዕላማታት ሓደ ዓይነት ወይ ድማ ተመሳሳሊ እምነታት ምስ ዘለዎም ሕብረ-ብሄራዊ ውድባት፡ ክሳብ ናብ ዝለዓለ ሓድነት ንምስግጋር፡ ምስ ዲሞክራስያውያን ብሄራውያን ውድባት ድማ፡ ኣብ ስሙር ዲሞክራስያዊ ግንባር ተጠርኒፉ ክቃለስ ዘለዎ እምነት ብምርግጋጽ፡ ንተግባራውነቱ ኣበርቲዑ ከም ዝቃለስ ኣረጋገጸ። ምስ ውድብና ኣብ መሰረታዊ ፖሎቲካዊ እምነታት ፍልልይ ዘለዎም ሓይልታት ድማ፡ ኣብ ዘራኽቡዎ ሓባራዊ እምነታት ተመሓዝዩ ክቃለስ ዘለዎ ቅሩብነት ኣረጋገጸ። ጉባኤ፡ ንሰፊሕ ጽላል ሓይሊ ተቓውሞ(ኤዲኪ)፡ ህልውንኡ ምዕቃብን በብእዋኑ ካብ ፖሎቲካዊ ቅልውላው ክይወጽእ ሓኒቖም ሒዞሞ ዝጸንሑን ዘለዉን ዓበይቲ ናይ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ሕጽረታት፡ ደረጃ ብደረጃ እናተቐረፉ ዝኸዱሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ኣበርክቶኡ ከወፊ፡ ኣባልነቱ ንምርግጋጽ ክቃለስ ጻዕርታቱ ክቕጽል ረኣየ።*

*__ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ብዝምልከት፡-__* 5*ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ፖሎቲካዊ ውድባት፡ ሰልፍታትን ምንቅስቓሳትን ደንበ ተቓውሞ፣ ሲቪክ ማሕበራት፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ሙሁራት፣ ኣገደስቲ ሃገራውያን ውልቀ-ሰባትን መላእ ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራን ኣብ ትሕቲ ንኡስ ሓባራዊ ዕላማታት ዓቕምታቶም ጠርኒፎም፡ ዕድመ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብምሕጻር ንሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ቃልስን ሰላማዊ ውድድር ንፖሎቲካዊ ስልጣንን ዝፈቅድ ጥጡሕ ሃዋሁው ዝምድምድ፡ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ምስልሳል ተደላይነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ኣረጋገጸ። ነዚ ዓብይ ሃገራዊ ኣጀንዳ'ዚ ብዘተኣማምን ንምዕዋት ድማ፡ ኣብ ሞንጎ ሓይሊ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ንሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብሓላፍነት ተሸኪሙ ክዋሳእን ዝጸንሐን ዘሎን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ውሽጡ መንፈስ ምክብባር፣ ስኒትን ምትእምማን ምውሓስ፣ ኣቀራርቢ ባይታ ምምድማድ፡ ዋዕላ ዝምስረተሉም መሪሕ ኣጀንዳታት ምድላው ንጽፈትን ኣሳልጠን ዕማማት ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣገደስቲ ረቛሒታት ምዃኖም እምነቱ ኣቐመጠ። ዘተኣማምን ዓወት ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ጽፉፍ ቅድመ ምድላው ክምዝስረት ብምእማን ብዘይምሕላል ምቅላስ ከምዘድሊ ዘዘኻኸረ* 5*ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ብደረጃ ውድብና ዋዕላ ኣብ ምዕዋት እጃሙ ኣብ ምብርካት ጸንፈፉ ከምዝቃለስ ኣረጋገጸ።*

*__ውሳኔ ማዕቀብ ብዝምልከት__፡- ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ንልዕሊ* 18 *ዓመታት ብዝተኸተሎ ግፍዓዊ ስርዓተ ምሕደራ ዘውረዶ ዕንወት ክይተወሰነ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምሕማስ ዝሓዞ ስትራተጂ ምኽንያት፡ ኣብ ሶማል ከካይዶ ዝጸንሐ ኢድ ምትእትታውን ኣብ ሃገረ-ጅቡቲ ልኣላውነታ ብምድፋእ ዘካየዶ ወራርን ኮነነ፡፡ ብመራሕቲ ኣፍሪቃ ሕብረት ዝበጽሐ ኩነኔን ብባይቶ ጸጥታ ዝተወሰነ፡ ኣብ መጽናዕቲ ዝተመስረተ ማዕቀብ ደገፉ እናረጋገጸ፡ ኣብ ተግባር ዝውዕለሉ ምንቅስቓስ ክቀላጠፍ ጸውዐ። ፋሽሽታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ነቲ ካብ ጸረ ሰላምን ጸረ ህዝብን ባህርያቱን ተበጊሱ ብዘካየዶ ኢድ ምትእትታው ዝተበየኖ ማዕቀብ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ከምዘነጻጸረ ኣምሲሉ ንምድንጋርን ኣብ ጎድኑ ኣሰሊፉ ግዳያት ክገብሮም ዘካይዶ ዘሎ ምንቅስቓስ ኣጥቢቑ ኮነነ። ውሳኔ ማዕቀብ፡ ንስርዓት ህግደፍ ኣብ ምድኻም ዝህልዎ ተራ ብምግንዛብ፡ ጸንፈፉ ኣብ ረብሓ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ከውዕሎ ክቃለስ ዘለዎ ቅሩብነት ኣረጋገጸ። ምስ ጅቡቲ ይኹን ካልኦት ሃገራት ምስ ሕቶ ዶብ ዝተታሕዙ ጉዳያት ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብ ጥራሕ ክምዝፍትሑ ዘለዎ እምነት ደጊሙ ኣቐመጠ፡፡ ንኩነታት ሶማል ብዝምልከት፡ ህዝቢ ሶማል ተቓለስቲ ደቁን ኣብ ጉዳይ ልኣላውነትን ነጻነትን ሃገሮም ዘለዎም ወሳኒ ተራ፡ ክስገር ከምዘይብሉ ብምቕማጥ፡ ማሕበረ ሰብ ዓለም፣ ኣፍሪቃ ሕብረትን ዓረብ ሊግን ዝተረጋገአት ሃገረ ሶማል ንምህናጽ ዝህቡዎ ዘለዉ ኣወንታዊ ጻዕሪ ደገፉ ኣቐመጠ፡፡ ብዘምስልካይ ክቕጽልሉን ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስን ከባቢኡን እናተፈጠረ ዝመጸ ዘስግእ ኩነታት ንምውጋድ ኣበርቲያም ክሰርሑ ጸውዐ።*

*__ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብዝምልከት፡-__ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ካብ ዝመሓላለፍ ክሳብ ሎሚ ኣብ ባይታ ከይተተግበረ ብምቕጻሉ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ መሕብኢ በዓቲ ተጠቒሙ መሰረታዊ ሕቶታት ህዝብታት ኤርትራ ንምዕፋንን ዕድመ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ንምንዋሕን ሕሰምን መከራን ህዝብታትና ክጋደድ ክገብር ምጽንሑን ምህላዉን ብምርግጋጽ፡ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ቀያድን ናይ መወዳእታን ምዃኑ ዘለዎ እምነት ደጊሙ ኣረጋገጸ፡፡ እዚ ውሳኔ'ዚ ኣብ ባይታ ኣብ ምምልካት፡ ናይቶም ብሕውነት፣ ብመውስቦ፣ ብቋንቋን ታሪኽን ጥቡቕ ምትእስሳር ዝጸንሖምን ዘለዎምን ህዝብታት ክልቲኦም ሃገራት፡ ዘላቕን ዘተኣማምንን ሰላም ዘውሕስ፡ ኣብ ምክብባርን ምትሕልላይን ዝተመስረተ ሓባራዊ ናብራ ንክመርሑን ኣብ ኣፈጻጽማኡ ብዘተ ክውዳእ ከምዝድግፍ ኣረጋገጸ፡፡ ኣብ ህልውና ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ሕቶ ዶብ ከም ኩሎም ናይ ህዝብታት ኤርትራ ሕቶታት ቅኑዕ ፍታሕ ክረክብ ከምዘይክእል ብምእማን፡ መሰረታዊ መፍትሒኡ ብቐዳምነት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ምውጋድን ኣብ ሃገርና ብህዝቢ ዝተመረጸ ቅዋማዊ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ምትካል ምዃኑ እምነቱ ብምንጻር፡ ህዝብታት ኤርትራን ተቓወምቲ ሓይልታትን ቀዳማይ ቱኽረቶም ዲክታቶርያም ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምውጋድ ከቕንዕ ጻውዒቱ ኣቕረበ።*

**ጉዳይ ወደባትና ብዝምልከት**፡- 5ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ኤርትራ ሃገርና ምስ ክልቲኤን ወደባታ፡ ብናይ ሓምሳ ዓመታት ሰላማውን ዕጥቃውን ተጋድሎ ዝተኸፈለ ከቢድ ናይ ሂወት፣ ጥሪትን ንብረትን መስዋእትን ኣብ መደምደምታ ድማ ብሪፈረንደም(ህዝበ-ውሳኔ) ልኣላውነታ ዘረጋገጸት ነጻ ሃገር ብምዃና ፋይሉ ዝተዓጽወ ንድሕሪት ዘይምለስ ክውንነታዊ ሓቂ'ዩ ዝብል እምነቱ ዳግም ኣረጋገጸ። ካብ ወደባትና ዝወሃብ ኣገልግሎት ብዝምልከት፡ ሃገራዊ ነጻነትን ልኣላውነትን ኤርትራ ዘይዳፋእ፣ ጥቕምታት ህዝብታት ኤርትራ ዝሕሉ፣ ናይ ተገልገልቲ ሃገራትን ትካላትን ዘተኣማምን መሰል ዘኽብር፣ ቅቡላት ዓለም-ለኻዊ ሕግታት መሰረት ዝገበረ፣ ብሓባራዊ ውዕልን ስምምዕን ዝምራሕ ክኸውን ዘለዎ እምነት ኣምበረ። ብኢህወደግ ዝምራሕ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ዓሰብን ምጽዋዕን ኣካላት ልኣላዊ ግዝኣት ኤርትራ ምዃነን ብጽንዓት ኣሚኑ ከካይዶ ዝጸንሐን ዘሎን ዘይሕለል መትከላዊ ቃልሲ ናእድኡ እናገለጸ፡ ሃገረ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ቅቡላት ዓለም ለኻዊ ሕግታት ዘተኣማምን ኣገልግሎት ወደባት ክትረክብ ከቕርቡዎ ዝጸንሑ ጠለባት ደገፉ ኣመዝገበ። ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 18 ዓመታት፡ ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ፡ ንልኣላውነትን ነጻነትን ኤርትራ ዝዳፋእ፡ "<u>ኢትዮጵያ ብሕጋዊ ኣገባብ ኣፍደገ ባሕሪ ክትረክብ ኣሎዋ</u>" ዝብል መርገጺ ሒዞም ክንቀሳቐሱ ምጽነሖምን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ ናይ ምርጫ ኣጀንዳ ገይሮም ይነጥፍሉ ምህላዎም ዝተመልከተ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ እዚ መርገጺ'ዚ ነቲ ፋይሉ ዝተዓጸወ ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንድሕሪት ዝመልስን፡ ክልቲኦም ሃገራት ናብ ሓድሽ ጎንጺ ዝሸምም፡ ንልኣላውነትን ነጻነትን ኤርትራ ዝዳፋእ መርገጺ ብምዃኑ፡ ፈጺሙ ተቐባልነት ዘይብሉን ኣትሪሩ ከምዝቃወሞም ከምዝቃለሶን ኣረጋገጸ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ "ናይ ጸላኢየይ ጸላኢ ፈታዊየይ እዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ድሑር ፈሊጥ፡ ናይ ጽባሕ ሓደግኡ ብዘይምግዳስ፡ ነቲ ኣብ ልኣላውነትን ነጻነትን ህዝብታት ኤርትራ ጽኑዕ እምነት ዝጸንሐን ዘለዎን መንግስቲ ኢህወደግ ንምድኻም፡ ንተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ ዝድግፍ ፕሮፖጋንዳዊ ወፍሪ ኣብ ምክያድ ተጸሚዱ ምጽንሑን ብምህላውን ኣጥቢቑ ኮነነ፡፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ካብ ጸቢብ ረብሓታቱ ወጻኢ፡ ሓቀኛ ተጣባቒ ልኣላውነትን ነጻነትን ኤርትራ ከምዘይኮነ እምነቱ ዳግም ብምቕማጥ፡ ዕድሚኡ ንምሕጻር ኣበርቲዑ ክቃለስ ወሰነ።

**<u>ንኩነታት ስደተኛታት ኤርትራውያን ብዝምልከት</u>**፡- ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ጊዜ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ሃገሮም ገዲፎም ዝተሰደዱ ኤርትራውያን ናብ ዓዶም ተመሊሶም ብሰላም ክነብሩ ኣይከኣሉን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብቃፍላያት ሃገሮም ራሕሪሖም ናብ ስደት ዝውሕዙ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ብምህላዎም፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ናይ ብርሰትን ምብትታንን ሓደጋ ብዓብይኡ የንጸላሉ ምህላዉ ዝተገንዘበ 5ይ- ውድባዊ ጉባኤ፡ ኣብ ልዕሌና ዘሎ ናይ ጥፍኣትን ምብትታንን ሓደጋ ንምምካት ሓይሊ ተቓውሞ ዓቕምታቱ ኣወሃሂዱ ክቃለስ ጻውዒቱ ኣቕረበ። ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ብሰንኪ ጎንጺ ዶብ ዝተፈጠሩ ቁስልታት ንምሕዋይን፡ በብእዋኑ ዝስደዱ ዘለዉ ወገናትና፡ ዝሓሸ ሂወት ናብ ዝመርሖሉ 3ይ ሃገር ክሸዱ፡፡ ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያ ምስ ቀረባ ቤተ-ሰቦም፡ ብገንዘቦም ክነብሩ፡ ኣብ ኮሌጃትን ዩኒቨርስቲታትን ብዓቕሞም ክመሃሩን ከካይዶ ዝጸንሐን ዘሎን ምድግጋፍ ጉባኤ ሞጎሱን ኣድናቖቱን ኣመዝገበ።

5ይ ውድባዊ ጉባኤና፡ ብማ/ሽማግለ ዝቐረበሉ ውድባዊ ጸብጻብ፡ ዝተፈላለዩ መመያየጢ ሰነዳትን ንድፍታት ፖሎቲካዊ ፕሮግራምን ውድባዊ ሕገ ህንጻን ብዕምቆት ብምምይያጥ፡ ብሙሉእ ድምጺ ኣጽደቐ፡፡ ኣገደስቲ ፖሎቲካዊ ውሳኔታት ብምትሕልላፍ፡ ንዝመጽእ ሰለስተ ዓመታት ውድብ ዝመርሑ ኣባላት ማ/ሽማግለ ከምኡ'ውን ቁጽጽር ኮምሽን ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ መረጸ።

5ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ውድብና ናብ ንቡር ቦትኡ ካብ ዝምለስን ቅድመ ምድላው ክካየደሉ ዝጸንሐ 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ብዘተኣማምን ንምዕዋት ዘርኣዩዎ ልዑል ተወፋይነትን ዝገበሩዎ ኣበርክቶን ኣድናቖቱ ኣመዝገበ። ፈተውቲ ውድብና ዝኾኑ ተቓለስቲ ኤርትራውያን በብውልቆም 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ኣብ ምዕዋት፡ ጻውዒትና ብምቕባል ይኹን ብተበግሶኦም ንዝገበሩልና ፖሎቲካዊ፣ ሞራላውን ገንዘባውን ደገፉት ምስጋንኡ ገለጸ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንምውጋድ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዙ ክቃለስ ዘለዎ ቅሩብነት ኣረጋገጸ።

5ይ ውድባዊ ጉባኤና ብሰላም ተጀሚሩ ብዓወት ክሳብ ዝዛዘም ናይ ቀረባን ርሑቕን ምትሕብባሮም ዘይተፈልየና ኣካላት መንግስቲ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ኣካላት ምምሕዳር ክልል ትግራይን ናይ ከባቢ ህዝብን ድማ ብፍላይ ምስጋናኡ ብምግላጽ፡ ታሪኻዊ 5ይ ውድባዊ ጉባኤኡ ብዓወት ኣጠቓለለ።

- ፖሎቲካዊ ውሳኔታት 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ንምዕዋት ንቃለስ!!
- ምጥርናፍ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዓቕምታትና፡
  ኣማራጺ ዘይብሉ መንገዲ ዓወትና እዩ!!
- ህዝብን ሃገርን ካብ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ንምድሓን፡

**ኩሉ ዓቕምታትና ብቐዳምነት ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ይቕናዕ!**

- **ዝኸርን ክብርን ንሰማእታትና!**

5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)
22 ሚያዝያ 2010.